## ናይ ዮሃና መልእኽቲ፡
## ብኣጋጣሚ መበል 48 ዓመት ምጅማር ብረታዊ ተጋድሎ ኤርትራ

## ሓባራዊ ዜናዊ ሽማግለ
## ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራን ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራን

እቲ ብመሪሕነት ጅግና ስውእ ሓምድ ኢድሪስ ዓዋተ ብ1961 ዝጀመረ ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ፡ ብሳላ'ቲ ን30 ዓመታት ክምህ ከይበለ ብጽንዓት ዝተቓለሰን ከቢድ መስዋእቲ ዝኸፈለን ህዝብና፡ ናጻን ልዑላዊትን ኤርትራ ብምርግጋጽ ኢዩ ተዛዚሙ። በዚ ኣጋጣሚ'ዚ፡ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራን ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራን ንተቓላሳይ ህዝብና፡ እንቋዕ ካብ ኣብራኸካ ተፈጠርና፤ ባሕቲ መስከረም ድማ፡ ንዘልኣለም ተዘኪራን ተኸቢራን ትንበር፡ እናበልና ናይ ሓበንን ዮሃናን መልእኽትና ከነመሓላልፍ ንፈቱ።

እዚ ክንብል ከሎና ግን ትጽቢትን ሕልምታትን ህዝብና ከምዘይተፈጸመ፣ ወይ ድማ፡ ብኻልእ ኣገላልጻ፡ መሬትና ድኣ'ምበር፡ ህዝብና ጌና ሓራ ከምዘይወጸ ዘንጊዕና ኣይኰናን። እንታይ ደኣ፡ ናጽነትና እምነ-መሰረት ናይ መንነትናን፡ ዲሞክራስያዊት ሃገር ንምህናጽ መበገሲትናን ምዃና ኣዐሪና ስለእንፈልጥን ስለእንርዳእን ኢዩ።

መበል 48 ዓመት ምጅማር ብረታዊ ተጋድሎና ኣብ እነኽብረሉ ዘሎና ዕለት እምበኣር፡ ነቲ ንመብጽዓታት ህዝብና ጠሊሙ፡ ኣብ ናይ ስልጣን ዋኒኑ ጥራሕ ተሸሚሙ ዘሎ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግደፍ ንምልጋስን፣ ዲሞክራሲ፡ ፍትሒ ሰላምን ስኒትን ዝሰፈና ብልጽግቲ ሃገር ንምህናጽን ቃል እንኣትወላን፣ ንዲሞክራስያዊ ለውጥን ክብሪ ሰብኣዊ መሰላትን እንገብሮ መብጽዓን ቈራጽነትን ጽንዓትን እነሐድሰላን፡ ዕለት ምዃና ውን ክንስሕቶ የብልናን።

ነዚ ዕላማታት'ዚ ንምዕዋት ሓድነት ህዝብናን ሓድነት ተቓወምቲ ሓይልታቱን ኣገዳስን ወሳንን ረቛሒ ምዃኑ ብምግንዛብ፡ ኵሉ ዓቕምታትና ኣዋዲድና፡ ነቲ መሰረታዊ ጠንቂ ጸገማትና ዝኾነ ዲክታቶርያዊ ስርዓትን፤ ንሱ ዘዕሙቖ ዘሎ ድኽነት፡ ሓሳረ መከራ፡ ምፍልላይን ኣድልዎን ንምእላይ ኣበርቲዕና ክንቃለስ መድረኽ ይጠልበና ኣሎ።

በዚ ኣጋጣሚ'ዚ፡ ሰልፊ ህዝብን ሰልፊ ዲሞክራስን፡ ሰላም፡ ፍትሒ፡ ማዕርነት፡ ዲሞክራስን ልምዓትን ዝብሉ ዕላማታት ባሕቲ መስከረም ጋህዲ ንምግባር፣ ተመሳሳሊ ራእይ ዘለዎም ውድባት ንምጽንባር፤ ንኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ከም ጠርናፊ ጽላል ንምሕያል ዝኣተውዎ መብጽዓ ክምህ ከይበሉ ክቕጽልዎ ምዃኖም ደጊሞም የረጋግጹ። ህዝቢ ኤርትራን ኣህጉራዊ ማሕበረ-ሰብን ድማ፡ ኣብ ጐድኒ'ቶም ምእንቲ'ዚ ቅዱስ ዕላማ ዝቃለሱ ዘለዉ ሓይልታት ደው ክብሉ ንጽውዕ።

ደጊምና ነቲ ጽኑዕ ተቓላሳይ ህዝብናን ንፈተውቱን ብኣጋጣሚ መበል 48 ዓመት ምጅማር ብረታዊ ተጋድሎና ዮሃና ንብል።